# ሓበሬታ

ሳምቡ- ናይ ገምጋም ጉጅለ ኮይኑ፡ ስክፍታታት ብኣግኡ ምስ ዝረኣዩ፡ ንኣብነት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ወይ ቤት ትምህርቲ ዘጋጥሙ ጉዳያት ዘንጽባርቅ እዩ። ጉጅለ ሳምቡ፡ ዝተፈላልዩ ዝምልከቶም ኣካላት ዘካተተ ኮይኑ፡ ብምትሕብባር፡ ንህጻናት፡ መንእሰያትን ስድራቤቶምን ብእዋኑን ዝተዋሃሃደ ደገፍ ምእንቲ ክረኽቡን ብመንገዱ ድማ ናብ ቅኑዕ በዓል መዚ ዘብጽሕ መስመር እዩ።

## ንበዓል መን እዩ ዝምልከት

ጉጅለ-ሳምቡ ኣብ ሊድሾፒንግ ዝርከብ ኮይኑ ንህጻናትን መንእሰያትን ካብ 0 ክሳብ 20 ዓመት ዝዕድሚኦም ይሰርሕ።

## ከመይ እዩ ክኸውን

ሓደ ሰብ ብዛዕባ ሓደ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ዘሻቕል ወይ ዘሰክፍ ኩነታት ተዓዚቡ፡ ቀልጢፉ ንናይ ቀረባ ሓላፊ ሓበሬታ ከመሓላለፍ ኣለዎ። እንተደኣ ብዝበለጸ ሓገዝ ክህቡ ዝኽእሉ ሓያሎ ተሳተፍቲ ኣካላት ኣድልዮም ብቀጥታ ጉጅለ ሳምቡ ይሳተፍዎ። እቶም ወለዲ/ሞግዚት እቲ ጉዳይ ብጉጅለ ሳምቡ ንኽተሓዝ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ክሕተቱ ሓበሬታ ይወሃቦም።

## ስለዚ እዩ ሳምቡ ዘሎ

ንህጻናትን መንእሰያትን ናብ ቅኑዕ ሓገዝ ዝቐልጠፈ መንገዲ ንምሃብ፡ እቶም ተመኩሮን ፍልጠትን ዘለዎም ሞያታት ብሓባር ክሰርሑ ኣለዎም። ኣብ ውሽጢ ጉጅለ ሳምቡ ከምኡ እዮም ዝገብሩ። ሳምቡ ብኣግኡ ዝተረኽቡ ጉዳያት ንክቕበሉ ዕድል ይህብ፣ እዚ ማለት ድማ ሓገዝን ደገፍን ብቕልጡፍ ናብ ዝምልከቶ ብትኽክለኛ ደረጃ ክቐርብ ይኽእል። እቲ ጉጅለ ሳምቡ ኣኼባኡ ምስ ገበረ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን መልሲ ንሞግዚት ይረክብ እሞ ድሕሪኡ እቲ ጉዳይ ንዝምልከቶ ኣካል ይወሃብ። ሳምቡ ከም ደገፍን ኣማኻርን ኣካል ኮይኑ ምስ ህጻናትን መንእሰያትን ዝራኸቡ ሞያትኛታት ዝጥቀምሉ እዩ።

## እንተድኣ ተወሳኺ ክፈልጥ ደልየ

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሳምቡ-ሊድኮፒንግ ኣብ lidkoping.se/Barn och utbilding/Stöd och hälsa i skolan ( ደገፍን ጥዕናን ኣብ ቤት ትምህርቲ) ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብኡ መን ኣካል ናይታ ጉጅለ ምዃኑን ኣየኖት ዕለታት ኣኼባታት ከም ዘለዎም ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ። ንዓኻ ከም በዓል ሞያ ኣብ ስራሕካ ዘድልየካ ናይ ርክብ ኢ-መይላትን ቅጥዕታትን እውን ኣሎ።

Med stöd från
VÄSTRA GÖTALANDSREGIONEN
Lidköpings kommun
Vårdsamverkan Skaraborg